# <u>ኣህዮች ሲሉን ነው የቆዩት</u>።

## ፕረስ ኮንፈረንሳዊ ሓበሬታ

**1ይ ክፋል**

**ዲሰምበር 4፡ 2016**
**ግንባርቶሮንቶ.ኮም**



**<u>ሓቀኛ ምሩኽ ፓይሎት ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ</u>**
**ኣብ ኣፕሪል 12፡ 1984፡ ኣብ ናቕፋ፡ ብናይ ጸረ ነፈርቲ ረሸራሽ ናይ ህዝባዊ ግንባር ተመንጢሉ፡ ምሩኽ ዝነበረ ኢትዮጵያዊ ፓይሎት።**

**ካብ ሳግም፡ 2ይ ዓመት፡ ቁ. 15፡ ጥቅምቲ 1988፡ ስካን ዝተገብረ ፎቶ ኢዩ።**

**ፎቶ 01**

# 1. ፓይሎት ኢትዮጵያ

## 1.1 ዓጸናፍ

ድሕሪ ምብራዕ ውግእ ባድመ፡ ኣብ ጁን 6፡ 1998፡ ክልተ ሚግ 21 ካብ ኢትዮጵያ ተሓምቢበን ዶብ ጥሒሰን ኤርትራ ኣተዋ። እታ መርሖወይቲ ሚግ 21፡ ብፓይሎት ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ፡ እታ ተኸታሊት ከኣ ብፓይሎት ሞቶ ኣለቃ እንደገና ታደሰ ይበራ ነበራ።

እተን ሚጋት፡ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ከወርዳ፡ ናብ ኣስመራ መጻ። እተን ሚጋት ተነቐሉተን፡ ንኣስመራ መደበር ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ክድብድባ ጀመራ። ድምጺ ሓፋሽ፡ "ጸረ ነፈርቲ ረሻራሽ ናይ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ፡ ንሓንቲ ካብተን ዝድብድባ ዝነበራ ነፈርቲ ውግእ ኢትዮጵያ፡ ሃሪሞም ኣውዲቖማ" ዝብል ወግዓዊ ዜና ሃበት። ፎቶ 04። ድምጺ ሓፋሽ፡ መንነት ምሩኽ ፓይሎት፡ ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ከምዝኾነን ንኻልኣይ ግዜ ከም ዝተማረኸን ሓበረት።

እቲ 03 ዝፈብረኹዎ ስቶሪያ ከምዚ ኢሉ ይቕጽል። "ሚግ ተወቒዓ ክትቃጸል ጀመረት። ፓይሎት፡ ካብታ ትቃጸል ዝነበረት ሚግ ወጸ። ፓይሎት ብፓራሹት ጌሩ ኣብ ዓጸናፍ ዓለበ። ብሓረስቶት ዓጸናፍ ተማረኸ። ፎቶ 02። ምሩኽ፡ ናብ መንግስቲ ኤርትራ ተስተለመ።" 03፡ ብኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝቖመ፡ ናይ መናፍሓትን ናይ ማእለማታትን ስለያዊ ኣካል'ዩ። ዓጸናፍ፡ ካብ ኣስመራ ኢንተርናሽናል ኣየርፖርት ቅሩብ ምሕድግ ኢላ ትርከብ ዓዲ ኢያ።

እቲ ዑብታ ኣብኡ ተዘብቅዕ'ስ፡ ሕሩም ኣምበይምተጸልአን። ኮይኑ ግን እቲ ንኹልና ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ኣብ መዝገብ ናይ Guinness Book of Records፡ ብፍሕሶ፡ ኣብ ቀዳማይ ደርጃ ሰሪዑ፡ ብልጫ ሓጣይን ዘሰክም፡ መናፍሓዊ ፍጻሜ ናይ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ቅድሜኹም ቀሪበ ከዘንትወልኩም ኢየ።

**እቲ በቶም ጎባልል ናይ ሓሶት ዝኾኑ 03ን እንዳ 72ን ዝተዳለወ ፍሕሶ፡ ምጽእ ኢልካ ዝተገብረ ፍጻሜ ዘይኮነስ፡ ብመደብ ዝተጸንዐን ብጥንቃቐ ግዜያት ሓሊዩ ዝተንቀሳቐስን ብሱል ከይዲ ፍጻሜታት ነበረ። ስለዝኾነ ንህዝቢ ኤርትራን ንዓለምን ጽቡቕ ጌሩ ኣደናገረ።**



**"ምርኮኛ" ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ**
**ከባልደረዎቹ፡ የሻእቢያ ሰባ ሁለተኛ፡ በኣጸናፍ መንደር።**

**"ኣብ ጁን 6፡ 1998፡ ነፋሪቱ፡ ብጸረ ነፈርቲ ረሽራሽ ናይ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ፡ ኣብ ኣስመራ ተሃሪማ፡ ዝተማረኸ" ተባሂሉ ብወግዒ ብድምጺ ሓፋሽ ዝተነግረሉ፡ ብፈጠራ "ን2ይ ግዜ ምሩኽ" ዝተገብረ፡ ናይ ቀደም ሻለቃ ናይ ሕጂ ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ።**

**ፎቶ 02**

**እቲ ብዓጸናፍ ገጹ ዝበረቐና ምሩኽ ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ፡ ብመንግስቲ ኤርትራ፡ ዝላዓለ ጸጋ ናይ ውግእ ዓወት ተቖጺሩ፡ ከም ዘዋሪ ምርኢት ብህዝቢ ንኽርኣ፡ ኣብ ሙሉእ ከተማ ኣስመራ ብመኪና ከምዝኾልል ተገብረ።**

እቲ ኣብ ኣስመራ ንምርኢት ዝኾልል ዝነበረ፡ ትሕዝትኡ ምሩኽ ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ዝኾነ ዘዋሪ ኤክስፖ፡ ሽጣራዊ ምርኢት ወይም Fake Exhibition ኢዩ ዝነበረ። ነቲ ሓቀኛ ጉድ ዝፈልጡ፡ 1. ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ፡ 2. ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ 3. ነቲ ምስጢራዊ ፋይል ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ ዝፈልጡ ኢምንት ዝኾኑ ኣባላት እንዳ 72 ብቻ ነበሩ። እንዳ 72፡ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ KGB ማለት'ዩ። ፎቶ 03።

## 1.2 እዋእ'ኢኹም ኣስመራ

ሓሸኻ ህዝቢ ኣስመራ፡ "ንምሩኽ ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ"፡ ንምርኢት ተዝውር ዝነበረት መኪና ክርኢ ከሎ፡ ቢብ . . ቢብ . . . ቢብ . . . ቢቢብ . . . ቢቢቢብ . . . ቢቢቢቢብብ . . . ኣቕርንቲ መኻይን፡ ኣብ ጎደናታት በዝን ብትን ይንፍሑ ነበሩ። ፍቖድኡ ኣስመረቶት የንጨብጭቡን ኣዴታት ዕልልታ እልልልል . . . ልልል . . . ይብላን ነበራ። ፈንጠዚያ መወዳእታ ኣይነበሮምን።

እቲ ኤክስፖ፡ ኣብ ውሽጢ'ታ መኪና ተዓቂቡ ዝነበረ፡ ርእሱ ብቐጻሊ ዘድንን ዝነበረ ሻለቃ ግን ብልቡ ይስሕቕ'ዩ ዝነበረ። ኣቤት! እንዴት ያምራል፡ የኤርትራን ህዝብ ሞኝ መስራት። . . . . . የሚገርመው ነገር፡ ኤርትራኖች፡ ኣህዮች ሲሉን ነው የቆዩት። . . . . . እናበለ ብውሽጡ ይፍሳህ'ዩ ዝነበረ። ኢሳያስ ኣፈወርቅን እንዳ 72 ከኣኒ ነቲ ላግጺ ዝመልኦ ግሩም ዝኾነ ተዋስኦ ናይ ኣስመራ፡ ብማዕዶ ይዛነየሉ ነበሩ።

## 1.3 ኣሪቨደርቺ መቐለ

እቲ ስቶሪያ ከምኡ ኮይኑ፡ እቲ ግህዶ ግን ካልእ ነበረ። እተን ክልተ ካብ መቐለ መደበር ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ተበጊሰን፡ ኣስመራ ንኽሃርማ ዝመጻ ሚጋት 21፡ እታ ተኸታሊት፡ ሓቀኛ ኣጥቃዒት ጀት ናይ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ነበረት። እታ መርሓወይቲ ግን ልቢ ኢሳያስ ዝጸዓነት፡ ናይ ሽጣራ ጀት'ያ ዝነበረት። ኣብኣ ኮፍ

ኢሉ ዘሎ ፓይሎት፡ ኣስመራ በጺሑ፡ ኣጥቂዑ፡ ንመቐለ ክምለስ ከምዘይኮነ 100% ይፈልጥ ነበረ።

እዚ ፓይሎት ናይ መርሓወይቲ፡ እንኮስ ዝገበረ ጌሩ ኣብቲ መዕርፎ ነፈርቲ ናይ ኣስመራ ይዕለብ እምበሪ፡ ኣብኡ ዓቢ . . . ዓቢ ሽልማት ኮፍ ኢሉ ይጽበዮ ከምዘሎ፡ ኣቐዲሙ ብምስጢር ተነጊርዎ ነበረ። መንኮርኮራት ጀቱ፡ ሓጸጽ ኢሎም ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ብዝረገጽሉ ደቒቕ፡ መራሕ ሃገር ኢትዮጵያ ነበር፡ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ሂቦሞ ዝነበሩ ማዕርግ ሻለቃነት ወድያውኑ ክባረኽሉን ክጸድቀሉን ከምዝኾነ፡ መብጽዓ መራሕ ሃገር ኤርትራ፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከምዘሎ ብሰላሕታ ተነጊርዎ ነበረ።

መንኮርኮራት ኣብ ጽርግያ መዕርፎ ብዝረገጻሉ ደቒቕ፡ ማዕርግ ቅጽበታዊ ካብ ሻለቃ ናብ ኮሎኔል ይቕየር፡ ተባሂልዎ ነበረ። ምስቲ ኮሎኔልነት ዝዕደል ሰፍ ዘይብል ፕረሲደንታዊ ሓለፋታት ከምዘሎ'ውን ተሓቢርዎ ነበረ። ብእንዳ 72 ዝተመልአ፡ ኣባል እንዳ 72 ሻለቃ በዛብህ፡ ኣሪቨደርቺ መቐለ፡ ኢሉ ኢዱ ናይ መወዳእታ እግሩ፡ ካብ መዕርፎ ነፈርቲ ናይ መቐለ ዘብረረ።

እተን ክልተ ሚጋት 21 ናይ ኢትዮጵያ፡ ቦምብታተን ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ናይ ኣስመራ ኣራገፋ። ዝቃጸል ኣቃጸላ። እታ ሓንቲ ሓቀኛ ተልእኾኣ ፈጺማ ናብ መቐሊኣ ተዓዝረት። እታ ካልአይቲ፡ መጀመርታ ንታሕቲ ሞሳ ገበረት፡ ቀጺላ ሬድዮ ሳይለንስ ገበረት። ደሓር ተጠዋውያ መጺኣ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ናይ ኣስመራ፡ መንኮርኮራታ ሓጸጽ ኣቢላ ዓለበት። ናይ ቅድም ሻለቓ፡ ኣብዛ ደቒቕ ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ፡ ብቕልጡፍ ንዓጸናፍ ይውሰድ። ኣብኡ ሓረስቶት ዝተመሰሉ እንዳ 72፡ እቲ ናይ ምምራኽ ተዋስኦ ይጅምርዎ።



**ቁ. 1 እንዳ 72፡ ንሽፋን ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝደርበይዎ ዝዓነወ ሞተረ ናይ ተዋጋኢት ጀት።**



**ቁ. 2 ኣምሰሉ ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ፡ እረ እባካችሁ ሆዴን ተጎድቻሎህ፡
እናበለ FBI (እንዳ 72)፡ ንኢንቶረገሽን ዓጂቦም ክወስድዎ ከለዉ።**



**ቁ. 3** እንዳ 72፡ ነዞም ገርህታት ቀለውዕ ኣስመራ፡ እንኩመ እዞም ገላዕታታት ናይ ሓጺነ መጺን ተጻወትሎም። ንሕና ድማኒ ቪድዮ ከነልዕለኩም ኢና፡ ኢሎም ኣብ ድራማ ምውዳቕ ሻለቃ ጴጥሮስ በዛብህ፡ ከዋስእዎም ከለዉ።

እቲ ዝረአየና ዘሎ ቁ. 1083፡ ዝተለጠፉ ኣሃዛት (Sticker Numerals) ምኻኖም ከነስተብህል ይግባእ።

## ፎቶ 03 ናይ ፍሕሶ ይካኣሎታት።

ኢሳያስ፡ ኣብ ቤተ መንግስቲ ግቢ፡ ኣስመራ ኮይኑ፡ ነቶም ኣቐዲሙ ሰሪዕዎም ዝጸንሐ፡ ሀ . . . ለ . . . ሐ . . . መ . . ሰ፡ ስርሒታት እንዳ 72 ይከታትል ነበረ። ንኮሎኔል በዛብህ ድማኒ ኮፍ ኢሉ ይጽበዮ ነበረ። ንኮሎኔል በዛብህ ዝሓዘት ቀያሕ መኪና፡ ኣብ ግቢ ደበኽ ትብል። ቅልጡፍ ዝኾነ ናይ ወልካም ሰለብረሽን ኣብ ውሽጢ ግቢ ይፍጸም። ቀጺሉ እቲ ዓቢ ናይ ኣስመራ ድራማ ይስዕብ።

ፓይሎት ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ፡ ኣብ ኣፕሪል 12፡ 1984፡ ሚግ 23 ሒዙ ኣብ ጸጋማይ ክንፊ ግንባር ናቕፋ፡ ሳሕል፡ ደብዓብ እናፈጸመ ከሎ፡ ብጸረ ነፈርቲ ረሽራሽ ናይ ህዝባዊ ግንባር ተመንጢሉ፡ ምሩኽ ዝኾነ ፓይሎት ነበረ። ፎቶ 01። ምሩኽ ሻለቃ በዛብህ፡ ምሕረት ተጌሩሉ፡ ኣብ 1989 ነጻ ተለቀ። ካብ 1989 ክሳብ 1991፡ ኣብ ደጀናዊ ሳሕል፡ ስለያዊ ትምህርቲ ኣጠናቒቑ፡ ኣባል እንዳ 72 ኮነ። ኣብ 1991፡ ምስ'ቶም ንሃገሮም ዝኣተዉ ወተሃደራት ደርግ፡ ናብ ኢትዮጵያ ከምዝኣቱ ተገብረ።

ኣብቲ ኣብ ኦገስት 2002፡ ብመንጎኛነት International Committee of the Red Cross (ICRC) ዝተገብረ፡ ምልውዋጥ ናይ ምሩኻት ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን፡ "ምሩኽ" ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ንሃገሩ ኣይተመልሰን።

መንግስቲ የኢትዮጵያ ህዝቦች ኣብዮታዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር. (ኢ. ህ. ኣ. ዲ. ግ.) ናይ ኢትዮጵያ፡ ምርኮኛ ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ፡ ካብቶም ኣብቲ ልውውጥ ዝተመልሱዎም፡ ኤርትራ ማሪኻቶም ዝነበረት ኢትጵያውያን ቦኹሩ ከምዘሎ ምስፈለጡ፡ ብዙሕ ጻዕጻዕ በሎም። ኢ. ህ. ኣ. ዲ. ግ.፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ልውውጥ ምሩኻት ብቕኑዕ መንፈስ ይሰርሕ ከምዘይልቦ፡ ብዕሊ ከሰሱ። ብሓቂ ግን እቲ ብኩራት ቅንዕና፡ ክሳብ ክንደይ ነዊሕ ሱር ከምዝነበሮ ይፈልጡ ኣይነበሩን። ብተወሳኺ ኢ. ህ. ኣ. ዲ. ግ.፡ ንሻለቃ በዛብህ፡ ካብ ኤርትራ ንኢትዮጵትያ ካብ ዝኣተወሉ ዕለት፡ ዕንቅርቢት ምንባሩ ይፈልጥዎ ኣይነበሩን።

ንሚግ 21 ናይ ሻለቃ ጴጥሮስ ተኸቲሊም ኣስመራ ዝመጹ፡ ፓይሎት ናይታ ካልኣይቲ ሚግ 21፡ ሞቶ ኣለቃ እንደገና ታደሰ፡ ኣብ ኖቨምበር 1998፡ ኣብ መቐለ፡ ብጌጋ ብናይ ፈታዊኦም ናይ ምድሪ ጸረ ነፈርቲ መሳርያ፡ ተሃሪሞም ሂወቶም ሰኣኑ።



ፎቶ 04 ንሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ፡ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ኣውሪዱ፡ ተባሂሉ ዝንገረሉ፡ ጸረ ነፈርቲ ረሻሻሽ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ከም ኣብነት ክቐርብ ዝኽእል ፎቶ ናይ ረሻሻሽ።

## 2. ሰለስተ መኳንንቲ ኢትዮጵያ

እዚም ሰለስተ መኮንናት ደርግ ነበር፡ ኣባላት ሽማግለ ረድኤት ምሩኻት ኢትዮጵያውያን ነበሩ። ሽማግለ ረድኤት ምሩኻት ኢትዮጵያውያን፡ ኣብ ዳሕረዋይ ናይ 80ታት፡ ነቶም ኣብ ኢድ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝርከቡ ምሩኻት ኢትዮጵያውያን፡ ካብ ናይ ዓለም NGOs ረድኤት ንምሕታት ብህ. ግ. ሓ. ኤ. ዝቖመ ሽማግለ ነበረ። ሻምበል ድጋፌ ኣበበ፡ ኣቦ ወንበር ናይዚ ሽማግለ ነበረ።



<u>ፎቶ 05ን 06ን</u>

ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ (ጸጋም)
ሻምበል ድጋፌ ኣበበ (ማእከል)
ኮሎኔል ግርማ ተሰማ (የማን)



9ይ ዓመት
15-6-1986
ፍጻሜታት
ቁ.182
ብሓልዮት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብክፍሊ ዜናን ፕሮፖጋንዳን እብ ክልተ ሰሙን ዝዳሎ ጋዜጣ

ንመን ኢዮም ክታልሉ፣

ፍጻሜታት፡ ቁ. 182፡ ጁን 15፡ 1986

**ሻምበል ድጋፌ፡ ፓስፖርትን ባጀትን ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተዳልዩሉ፡ ንላንደን፡ ዓባይ ብሪጣንያ ብምኻድ፡ ምስ ዝተፈላለዩ NGOs ዝተራኸበ "ምሩኽ" ነበረ።**

ሻምበል ድጋፌ ኣበበ፡ ኣብ 6ይ ወራር፡ 1982፡ ኣብ ደምቦቤት፡ ባርካ ዝተማረኸ፡ ምክትል ብርጌድ ዝነበረ መኮነን ኢዩ። ፎቶ 07ን 08ን።




ፎቶ 07ን 08ን
ሻምበል ድጋፌ ኣበበ።

ፎቶ፡ ካብዚ ኣብ የማን ዘሎ ደብተር ስካን ዝተገብረ ኢዩ።




ብሓልዮት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብክፍሊ ዜናን ፕሮፓጋንዳን ዝተዳለወ።
ኤርትራ፡ 6ይ ወራር ብስእሊ።

ኮሎኔል ግርማ ተሰማ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዓሪዱ ዝነበረ ናይ ወቃው እዝ፡ ምክትል ኣዛዚ ነበረ። ወቃው እዝ፡ ኣብ ማርች 23፡ 1984፡ ብህዝባዊ ግንባር ተጠቒዑ፡ እቲ እዚ ተደምሰሰ። ኮሎኔል ግርማ ከኣኒ ኣብኡ ተማረኸ።



ፎቶ 09 ኢሳያስ ኣፈወርቂ።

ኣብ ኤርትራን ሱዳንን ኢትዮጵያን ሓደገኛ ዝኾነ ደርማስ መርበብ እንዳ 72 ተኺሉ፡ ብዙሓት ሃገራውያን ዘህለቐን ስግረ ዶባዊ ሃስያታት ዘውረድን ውልቀ መላኺ ናይ ኤርትራ።

## 3. ገዚፍ መርበብ እንዳ 72፡ ኣብ ሱዳን

እዞም ንህዝቢ ኤርትራ ሓዊ ክኸዕውሉ ዝመጹ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ክሳብ ክንደይ ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ለውህን ክንክንን ይግብረሎም ከምዝነበረ፡ ፍጻሜታት፡ 9ይ ዓመት፡ ቁ. 182፡ ጁን 15፡ 1986 ከምኡ'ውን እቲ ኣብ ገጽ 6 ዝርከብ ፎቶግራፍ ናይ ሻለቃ በዛብህን ሻምበል ድጋፌን ኮሎኔል ተሰማን፡ ህያው ምስክራት ኢዮም። ፎቶ 05ን 06ን፡ ፎቶ 07ን 08ን።

ብኣንጻር እዚ ሕሉፍ ለውሂ ናይቲ ውድብ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ 1981፡ ነቶም ስለ ውጽዕ ሕዝቦም ክቃልሱ ዝውጹ ተጋደልቲ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ብታንክታት ህዝባዊ ግንባርን ብሰራዊት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ጨፍጪፉ፡ ካብ ሜዳ ኤርትራ ንሓዋሪቱ ተበርቍቖም ከምዝወጹ ገበሮም።

ሕራይ፡ በርቍቖም ሱዳን ኣእቴሞም። ኣብ ሱዳን መሪር ናብራ ስደት ክስሕኑዋ'ሲ፡ ስለምንታይ ዘይሓድግዎም? እቶም ኣብ ሱዳን ዝኣተዉ እሞኒ ዓይኒ'ዮም ዝተባህሉ ናይ ተ. ሓ. ኤ. መሪሕነትን ካድራትን ነበራት፡ ብእንዳ 72 እናተሃድኑ፡ ሓደ ደድሕሪ ሓደ ብቕጽያ ከምዝቕተሉ ይግበር ነበረ።

እቶም ሃደናት፡ ኣብ ከተማታት ሱዳን ከም ካርቱም፡ ፖርት ሱዳን፡ ሰዋኪን፡ ከሰላ፡ ቶከር፡ መዓስከራት ላጅን . . . . . ወዘተረፈ ይፍጸሙ ነበሩ።

ካብቶም ኣብ ሱዳን፡ ብእንዳ 72፡ ብቕጽያ ዝተቐትሉ፡ ክቡር ወልደዳዊት ተመስገን፡ . . . ክቡር ስዒድ ሳልሕ፡ . . . ክቡር ዓብደላ ጸጋይ፡ . . . ክቡር ሓምድ ጡምዛሕ፡ . . . ክቡር ዑስማን ሓሰን ዓጅብ፡ . . . ክቡር ኢድሪስ ሓንገላይ፡ . . . ክቡር ማሕሙድ ሓሰብ፡ . . . ክቡር ዓብደልቃደር ጀላኒ፡ . . . ክቡር ሃይለ ጋርዛን ካልኦትን ይርከብዎ። ንክቡር ካድር ተኽለብርሃን ገብረጻድቕ (ወዲ ባሻይ)ን ንክቡር ካድር ወልደማሪያም ባህልብን፡ ኣብ 1992፡ ካብ ከሰላ፡ ሱዳን ጨውዮም ወሰድዎም። ኣሰሮም ብኡ ቢሉ ጠፍአ።

ኣብ ሱዳን፡ ብእንዳ 72 ዝሃለቑ ናይ ጀብሃ ተጋደልቲ ነበራት ጥራይ ኣይነበሩን። ናይ ህዝባዊ ግንባር ነበራት እውን ሃሊቖም ኢዮም። ግና እዋእ'ዮም፡ ነዚኦም'ስ መን ከእውየሎም? እቶም ናይ ጀብሃ እንተኽፍአስ፡ ዘእውየሎም ኣፍ ኣይሳኣኑን። ካብዞም ናይ ህዝባዊ ግንባር ነበራት ዝሃለቑ፡ ክቡር ጠዓመ ሰጊድ ዝበሃል ናይ ፈንጅታት ኤክስፐርት ነበረ። ጠዓመ ምስ በዓልቲ ቤቱ ፋኑስ፡ ንህዝባዊ ግንባር ራሕሪሖም፡ ኣብ ካርቱም ሰላማዊ ናብራ ይመርሑ ነበሩ። ንሆላንድ ናይ ፕሮሰስ ዕድሎም እናተጸበዩ፡ እንዳ 72፡ ኣብ መወዳእታ 1989፡

ንጠዓመ ኣብ ጃብራ ዝተባህለ ጎዳይፍ ናይ ካርቱም ዝኾነ ቦታ ወሲዶም፡ ብፋስ ኣል ፋሪሲ ቀቲሎም ኣብኡ ደርበይዎ። ከም ጠዓመ፡ ብዙሓት ናይ ህዝባዊ ግንባር ሃለቑ። ብዙሕ የሕዝኑኒ። ኣልቃሲ ዘይብሉ ሞታት፡ ጠፍኡ።

ክቡር ሃይለ ጋርዛ፡ Eritrean Red Cross & Crescent Society (ERCCS) ዝተባህለ ናይ ግብረ ሰናይ ትካል፡ ኣብ ሱዳን ብምጃም፡ ካብ ናይ ኖርወይ NGOs ሓገዛት እናረኸበ፡ ኣብ ሱዳን ንዝርከቡ ጸጉማት ኤርትራውያን ዝረድአ ዝነበረ፡ ህ.ግ. ነበር፡ እንተላይ ተ. ሓ. ኤ. ነበር ኢዩ። ሃይለ ጋርዛ፡ ሰሪ ቕንኢ ናይ Eritrean Relief Society (ERA) ዝተባህለ ናይ ህዝባዊ ግንባር በሓቲ ናይ ረዳኤት ትካል፡ ብእንዳ 72፡ ኣብ 1984 ዓ. ም. ብቕጽያ ኣብ ካርቱም ተቐትለ።

እቲ "ሰናይ ግብሪ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ" ኣመና ከብድኻ ይበልዕ ዘይኮነስ ኣመና ክብድኻ ይቐርጽ። ንህዝቢ ኤርትራ ክቐትሉ ንዝመጹ፡ ዝተማረኹ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ረድኤት ክረኽቡ ከምዘለዎም ተሓሊቕካ፡ ፓስፖርትን መገሻታት ንላንደንን ትለውሃሎም። ብኣንጻሩ፡ ካብ ቁጽጽርካ ወጻኢ፡ ንኤርትራውያን ሽጉራት ረድኤት ንዝህቡ ግብረ ሰናያዊ ትካላት ንምዕናው ከም ክቡር ሃይለ ጋርዛ፡ ብጥይት ሰለይቲ ዓጠቕ ተብሎም። ንሱ'ዩ እቲ መጋብር ናይዚ ሽፍታ ውድብ።

## 4. ገዚፍ መርበብ እንዳ 72፡ ኣብ ኢትዮጵያ

ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ ጠገለ ዘይብሉ እንዳ 72 ኣብ መላእ ኢትዮጵያ፡ ኣብ መቐለ፡ ኣብ ዴሴ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ኣብ ናዝሬት፡ ኣብ ደረብ ዘይት፡ ኣብ ዲረ ዳዋ . . . . . ጸብጽቡለይ ካልኦት፡ ተኻኺለ። ሳዕቤኑ ከኣ ብኡ ንብኡ ተጋህደ። እንዳ 72፡ ናይ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ደ. ም. ሓ. ኤ.) ካድር ክቡር ዘካርያስ የውሃንስ፡ ኣብ ደሴ፡ ኣብ ማእከል ቤት ጽሕፈቱ ብሳይለንሰር ቀተልዎ። ነቲ ቀንዲ ኣቦ ወንበር ናይ ደ. ም. ሓ. ኤ.፡ ክቡር ገብረብርሃን ዘርአ ከኣ ካብ ሕሞራ ጨውዮም ወሰድዎ። ኣሰሩ ጭራሽ ኣጠፊኡዎ።

ክቡር ግራዝማች ተስፋሚካኤል ጆርጆ፡ ኣብ ግዜ ንጉስ ሃይለ ስላሴ፡ ናይ ንኡስ ኣውራጃ ደቀምሓረ ኣማሓዳሪ ነበር፡ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ነበር ከምኡ'ውን ኣብቲ ናይ መጀመርያ 70ታት፡ ናይ CIAን ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ምስጢራዊ ርክባት ዋና ሊንክ ዝነበሩ፡ CIA ነበር፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ኣብ ማእከል ገዝኦም፡ ኣብ 21 ኣፕሪል፡ 1992፡ ብቕጽያ ተቐትሉ።

እዞም ዝተጠቕሱ ሒደት ኣብነታት ኢዮም። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቁጽሮም ዘይፍለጥ ሃገራውያን፡ ብስዉር መንገዲ፡ ብእንዳ 72 ዝሓቐቑ ከምዘለዉ ዝሰሓት ኣይኮነን።

## 5. ፓተርን (Pattern)

እቲ ኣብ ሱዳንን ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ካብ ሰዋኪን፡ ሱዳን ኣብ ሰሜን፡ ክሳብ ዲረ ዳዋ ኣብ ደቡብ፡ ኢሳያስ ዝተኸሎ ደርማስ መርበብ እንዳ 72ን፡ ሳዕቤናቱ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያዋንን፡ ኣብ ግዚኡ ጽቡቕ ጌሩ ከይተለለየ፡ ነንዊሕ ዓመታት ብምስጢር ክጓዓዝ ጸኒሑ ኢዩ።

ናይ ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ ይኹን ናይቲ ክሳብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝወናጨፍ ዝነበረ ሻምበል ድጋፌ ኣበበ ስለያዊ ተግባራት፡ ካብቲ ጠቕላላ ስእሊ ናይቲ ደርማስ፡ ሃገራት ሓቆፍ መርበብ ስለያ ፈሊና ክንርእዮም ኣይግባእን።

እቲ ኣብ ሰለስቲኣን ሃገራት ተተኺሉ ዝነበረ ገዚፍ ስለያዊ መረበብ ከምኡ'ውን እቲ ኣብኣን ንነዊሕ ዓመታት ክኸይድ ዝጸንሐ ኣካይዳ ወይ ፓተርን (Pattern) ናይ ስለያን ቅጽያን ሓደ ምኳኑ ክንግንዘብ ይግባእ።

ቅትለት ናይ ስዒድ ሳልሕ ኣብ ከሰላ፡ 1983፡ ምስ ተግባራት ናይ ቅድም ሻለቃ ናይ ሕጂ ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ ኣብ ኣስመራ፡ 1998፡ ሓደ ኣብነት ፓተርን ምኳኑ ተጊህና ክንርእዮ ይግባእ።

ሰሪ'ዚ ሓደገኛ ዝኾነ፡ ስግረ ዶባዊ ደርማስ መርበብ ስለያ ናይ ኢሳያስ፡ ኢትዮጵያውያን ተጎዲኦም፡ ውድባት ኤርትራ ተጎዲኦም፡ ተጋደልትን ካድራትን መሪሕነትን ነበራት ተጎዲኦም። ኣብ መጨረሻ ከኣ፡ እቶም ርጡብ ናብራን ቢዝነስን ሽቕለትን ኣብ ኣዲስ ኣበባን ኣብ ካልኦት ከተማታት ኢትዮጵያን ተኺሎም ዝነበሩ ኤርትራውያን ተጎዲኦም።

እዚ ስግረ ዶባዊ ደርማስ መርበብ ስላያ፡ ደድሕሪ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ሱዳን ምእታዋ፡ ካብ 1982 ዝጀመረ ምኻኑን ክሳብ ሕጂ ይኸይድ ከምዘሎን፡ ኩልና ኣጸቢቕና ክንፈልጥ ይግባእ።

ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ስግረ ዶብ ከይዱ፡ ጠገለ ዘይብሉ ስለያዊ ዓንዳርነት ክፍጽም፡ ኣብ ልዑላዊ መሬታት ሱዳንን ኢትዮጵያን ቅጽያታት ከጻዕጽዕ፡ ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ኢትዮጵያ'ውን ሃሱሳት ከም በዓል ሻለቓ በዛብህን ሻምበል ድጋፌን ሰኺኹ፡ ናይ ዕንወት ተግባራት ክፍጽም ከሎ፡ ንሕና ኤርትራውያን፡ ደማውትና ዋላ ኣብ ማርሻ ፔዲ ክዕው ይበሉ፡ ደው ኢልና ክንቃወሞ ይግባእ። እዚ ስለዘይንገብር ከኣ'ዩ፡ ኤርትራ በራድ ኢሳያስ ኮይና ተሪፋ ዘላ።

## <u>መደምደሚያ</u>

ኣብ መወዳእታ ንኹሎም ደቀባትና ዘቕርቦ ሕቶ ሓገዝ፡ እዚ ፕረስ ኮንፈረንሳዊ ደኮሜንት ብትግሃት ከነንብቦን ኣብ መኣዲ ዘተታት ብሰፊሕ ክንካታዓሉን እላቦ። ነዚ ኣቕሪበዮ ዘለኹ፡ ናይ ኢንተልጀንስ ማተርያል ዝሕግዝ ዝኾነ ጭቡጥ ዓይኒ ምስክራዊ ሓበሬታ፡ ደኮመንት፡ ፎቶ ወይም ሰብ/ባት ኣብ ምልላይ/ዮም በጃኹም ሓግዙኒ። ሚግ 21 ተዋጋኢት ጀት ወይ ዝኾነ ክፍሊ ኣካላ ኣብ ኣስመራ ኣየርፖርት ቅድም ይኹን ሕጂ ዝተዓዘብኩሞ ወይ ትዝክርዎም ነገራት እንተሃልዩም በጃኹም ሓብሩኒ። ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ ኣብ ኣስመራ ይኹን ኣብ ካልእ ቦታ ዝረኤኹም እንተሊኹም ናብ ደቀባትና ቀሪብኩም ሓብርዎም፡ ኮታስ ዝኾነ ዓይነት ሓበሬታ ምሃብ፡ ንጸጥታ ኩላትና ኣድላዪ ኢዩ።

**እቲ ምቅላዕ ምስጢር ብወገን ካልኦት ሃገራውያን ይኹን ብወገነይ፡ ጀሚርናዮ ደኣምበሪ ኣይተወዳአን። ይኣክል ዝጠፍአ ሂወት።**

**ክብረት ይሃበለይ።**

**ሃይለ መንገሻ ዑቕበ**
**ቶሮንቶ፡ ካናዳ**

haileokbe@yahoo.com
Phone: (416) 858 9305